ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الانقاذ الوطني الارترية
مكتب الاعلام والثقافة

Eritrean National Salvation Front
Information and Caltural office

# ናይ ሃይማኖታዊ ምንቋት መዘዙ ሓደገኛ'ዩ

ኣብ ኤርትራ ኣስላማይ ብሃይማነቱን፡ ክርስቲያናይ ብሃይማነቱን ተኪታሊ ባህላዊ እምነት'ውን ብእምነቱን፡ ኩሉ በብሃይማኖቱን እምነቱን ኣማኒ'ዩ። እስላምን ክርስቲያንን ባህላዊ እምነትን ነናይ ገዛእ ርእሶም ክብርታትን ሕድሕዳዊ ሰናይ ዝምድናታትን ነዊሕ ሱር ዝሰደዱ ስሩት ኣካቢ ተውፊታትን ጽኑዕ መቆሚያታትን ስሩጽ ሕድሕድ ምክብባርን ዝነበሮምን ዛጊት ዘሎዎምን'ዮም። ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሕብረተ ሰብኣዊ ሰላም፣ ስኒት፣ ፍቅሪን ሕድሕድ ምትሕግጋዝን ጽኑዕ ባይታኡ፡ ብቐንዱ ኣብ'ቲ ሰላማውን ስኒታውን እምነታቱ ዝተሃንጸ'ዩ። ነፍስ ወከፍ መእመናን ኤርትራውያን ብርድየትን ሰላምን ዝእምነሉ'ዩ። ብዘይርድየቱ ብሓይሊ ክኸተሎ ዝቐሰበሉን ዝሰግደሉን ዝሰደዓሉን ኣይኮነን። ሳላኡ ካኣ'ዩ ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ሕጂ ናይ ሕድሕድ እምነታቱ እናኸበረ ከም ስሙር ህዝቢ ኮይኑ ሓድነቱ ከውሕስ ዝኸኣለ።

እዚ ሓያል ኣካብን ኣሳርን ስሙር ሰላማዊ ጽኑዕ መንፈሳዊ ሓይሊ'ዚ፡ ኣብ በበይኑ ታሪኻዊ መዋእላት ብባዕዳውያን መግዛእታዊ ወረርቲ ሓይልታትን ስርዓታትን ይኹን ብጥቕማውያን ዘበታዊ ፖለቲካዊ ሓይልታትን እንሓንስእ በበይኖም እንካልእ ሻብ ድማ ተመሓዝዮም፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብሃይማኖታዊ ፍልያ ኣቢሎም ኣብ ሕድሕዱ ንቁልቁል ከራጽሞዎ ናይ እምነታት ረቛሒታት ኣካብነት ንምስባርን፡ ኣሳሪነቱ ንምብንጣስን ዘይፈተንዎ ኣዕናዊ ፈተነታት ኣይነበረን ክባሃል ኣይከኣልን'ዩ። ኮይኑ ግና፡ ናይ እምነታቱ ሰላም ኣብ ሰላማዊ ባይታ ነዊሕ ሓያል ሱር ዘስረጹ ከም ምዃኖም መጠን፡ ነቲ ኣብ ስነ ሞንት ሓይሊ ዝተመስረተ ድልየታት ግዳማዊ ሓይልታት በብኣዋኑ ፈሺሉ'ዩ። እዚ ማለት ግን ዑምቀቱ ብዘየገድስ ክፍወስ ዝከኣል ኣቕንዛዊ ቁስልታት ኣይሓደጉን ማለት ኣይኮነን።

ኣብ ትሕቲ ህልው ገዛኢ ስርዓት ኢሳያስ፡ ሃይማኖታዊ ኩነታትን መእመናታትን ኤርትራ፡ ካብ'ቲ ናይ ዘበነ ባዕዳዊ መግዛእታዊ ስርዓታት ዝኸፈአ'ዩ እንተበልና ምግናን ኣይኮነን። ስርዓት ኢሳያስ ናይ እምነት ሓርነት ብቐጻሊ ዝግህስ ምዃኑ ኤርትራዊ ፖለቲካ ሓይልታት ዝብሉዎ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ህዝቢ ኤርትራን ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብን ዝምስክሩዎ ጭቡጥ ሓቂ'ዩ። ናይ'ዚ ህልው ገዛኢ ስርዓት'ዚ ስትራተጂካዊ መርሓ ኣብ እምነቱ ኣዝዩ ልሕሉሕ ዝኾነ ውሽጠ ዳንጓ ሕብረተ ሰብ ምህናጽ'ዩ። ናብ'ዚ ንምብጻሕ ካኣ፡ በበይኑ ሽፋናት እናሃበ ንኩለን ሃይማኖታትን እምነታትን በብጊዜኡ ብዝተፈላለዩ መልከዓትን ኣገባባትን ምድኻምን'ዩ። ከምኡ'ውን ከም'ቲ ኣብ ልዕሊ መእመናን ዩሃ መሰካከርቲ መሬት ብቀትሩ ዝወሰዶ ድብደባ፡ መእመናን ንመእመናን ኣብ ሕድሕዱ ምትህርራምን'ዩ። ብናይ ቀደም ተኸተል ስልቲ መሰረት፡ ሓደኡ ቀዳማይ ተጠቓዓይ፡ እቲ ካልእ ድሒሩ ዝጥቃዕን እንተዘይኮይኑ'ምበር፡ ዝኾነ ሃይማኖትን እምነትን መእመናታቶምንን ካብ'ዚ ሓደገኛ ሽርሒ'ዚ ኣይድሕኑን'ዮም።

ህዝቢ ኤርትራ ብነገራዊ ስልጣንን መንፈሳዊ ስልጣንን ዝምራሕ ህዝቢ'ዩ። እቲ ነገራዊ ስልጣን ዲክታቶርያዊ ይኹን፡ ወይ ዲሞክራስያዊ ብዘየግድስ፡ ንኩሉ ህዝቢ ዝመርሕ ናይ መንግስቲ ሰፌሕን ኣስገዳድን ስልጣን'ዩ። እቲ መንፈሳዊ ስልጣን ድማ ናይ ሃይማኖታትን እምነትን ነፍስ ወከፍ ሰዓብቱ ብዘየስገዳድ ዝመርሕ ስሩጽ ስልጣን'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ብሓደኡ ስልጣን ጥራሕ ዝምራሕ ኣይኮነን። ገዛኢ ስርዓት ኢሳያስ ንክልቲኡ በበይኖም ሓላፍነትን ዕማምን ዘሎዎም ስልጣናት ጠምሩ ንህዝቢ ኤርትራ ክመርሕ ብፍጹም ኣይክእልን'ዩ።

ኣብ ኣስመራ ዋህዮታት ስለያታት ህግደፍ ኣብ ማሕበር ሃዋርያትን ኣብ መድሃኔ ኣለምን መጽሓፍ ቅዱስ ከምዘቃጸሉን፡ ትምህርት ሰንበት ከምዝተዓንቐፉን፡ ኣብ መሳጊድ ዳዕዋ ምግባር ከምዝከልከሉን፡ ኣብ ሳዋ ቅዱስ ቁርኣንን መጽሓፍ ቅዱስን ካብ መእመናን ብሓይሊ መንዝዖም ኣብ ናይ ጎሓፍ በርሚል ብሓዊ ከምዝቃጸሉን ዝዝከር'ዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ መጅልስ ኣል-ኣዕላ ኤርትራ፣ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ፣ ካቶሊካዊት ቤት ክርስቲያን ኤርትራን፡ ቤተ ክርስቲያን መከነ ኢየሱስ (ከንሻ) ዝተፈላለዩ ክፍልታት

ብሮተስታንትን ክፍጸም ዝጸንሐን ዘሎን ኣዕናዊ ተጽዕኖታትን ግፍዕታትን ጸብጽብካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ከይዱ-ከይዱ ድማ ኣብ ኣስላም ሕጋዊ ሙፍቲ ብዘይምህላውን፡ ኣብ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ’ውን ቀኖኖኣዊ ፓትሪያርክ ዘይምህላውን ኣብ ክልቴኡ ወገናት ባዶነት መንፈሳዊ ስልጣን ፈጢሩ። ብዛዕባ ዝውገድ ሕማቕ ነገራት ፈትዋ ዝህብ ሕጋዊ ሙፍቱ የሎን። ብዛዕባ ዝውገድ ሕማቕ ነገር ዝውግዝ ቀኖኖኣዊ ፓትሪያርክ የሎን። ብስንኪ ኣብ ኣስላምን ኣብ ተዋህዶን ኮነ ኢሉ ዝፈጥሮ ጩቡጥ ህልው ባዶነት መንፈሳዊ ስልጣን’ዚ፡ ቀስ ብቀስ ንኣስላምን ክርስቲያንን ብሓፈሻ፡ ንኣስላምን ተዋህዶን ድማ ብፍላይ ኣብ ሕድሕዶም ምንቋት ዘቀላጥፍ ሓደገኛ ስልቲ’ዩ። ኣብ’ዚ ናይ መንፈሳዊ ኣቦታት ድምጺ ኣብ ዝተዓፈነሉ ኤርትራ፡ ናይ’ዚ ኣኸስ ውዲት’ዚ ሓደገኛ ምልክታት ይቀላቀሉ ኣሎዉ።

እሙናት ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ከም ዝሓበርዎ፡ ኣብ ናይ ሎም ዘበን 2019 ቅዱስ ዮውሃንስ ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ኣብ መንጎ ደቂ ሓደ ዓዲ መንእሰያት ኣስላምን ተዋህዶን ዝተፈጸመ ኣምባጋሮ ሓደ መንእሰይ ኣስላማይ ክቅተል እንከሎ፡ ሰለስተ መንእሰያት ክርስቲያን ድማ ኣብ ቀይዲ ወዒሎም። ከምኡ’ውን ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ጥቅምቲ 2019 ኣብ መንደፈራ ኣብ ጸሓይ ዓራርቦን ምሸትን ማለት ኣብ ናይ ወቕቲታት ሷላት መቅርብን ዕሻን ገለ መንእሰያት ኣብ መስግድ ኣእማን ብምድርባይ ሰገድቲ ስነ ስርዓት ጸሎት ካብ ምክያድ ከም ተሰናኸሉ እቶም ምንጭታት ብተወሳኺ ሓብሮም። ብድሕሪ’ዘን ክልተ ሓደገኛ ተርእዮታት’ዚኣተን ካብ ክልቴኡ ሃይማኖታት ዝተቀናበሩ ዝደፋፈኡ ዋህዮታት ስለያታት ህግደፍ ከም ዝህልዉ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እዚ ናይ’ቲ ዝገለጽናዮ ጭቡጥ ኩነታት መግለጺ’ዩ። እዚ ሓደጋ’ዚ ኣብ ዝተከሰተሉ ወቕቲ፡ ናብ ካልእ ብዝበኣሰ መልክዕ እንከይድይብን ብዝሰፈሐ እንከይልሕምን ብኣጋኡ ንክልቴኡ መእመናን ምትህድዳእ ተቀላጥፉ ዝተላዕለ እስላማዊ ይኹን ተዋህዶኣዊ መንፈሳዊ ስልጣን ኣይተረኣየን። እዚ እምቢዛ ዘጉህይ’ዩ። እዚ ኣዝዩ ሓደገኛ ድማ’ዩ። እዚ ናይ ገለ ሃይማኖት ሰዓብቲ ኣብ ልዕሊ’ቲ ካልእ ሃይማኖት ሰዓብቲ ተጻብኦ ምስንዛር ደገኣዊ መልክዑ’ዩ’ምበር፡ ውሽጣዊ ቁምነገሩ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ሃይማኖታትን እምነትን ኤርትራ ዝወጣወጥ ዘሎ እዋናዊ ሓደጋ’ዩ።

ከባቢና ንከምዚ ዓይነት ሓደጋታት ዘሳውርን ዘሰጋግርን ዝምውልን ዝውድብን ሓይልታት ዝሓቖፈ ከም ምዃኑ መጠን፡ እዚ ተርእዮ’ዚ ብልጭ ቅህም እናበለ ዝድጕል ዘሎ ሓዊ፡ መዘዙ ኣዝዩ ሓደገኛ ዝኸነ ጥርፉነት ዝፍልፍል’ዩ። ስርዓት ህግደፍ ኢሳያስ ዘይተርፍ ውድቀቱ ክቀራረብ እንከሎ፡ ንበይኑ ከይወድቅ ንህዝቢ ምስኡ ለከምዎ ክውድቕ ምእንቲ፡ ናይ’ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ብዘይሃይማኖታዊ፣ ብሄራዊ፣ ቀቢላዊ፣ ኣውራጃዊ፣ ጾታውን፡ ፖለቲካዊ መርገጽትን ፍልልያት ዝለዓዓልን ዝውደብን ዘሎ ሰፊሕ ሓፋሽ ህዝቢና ሓድነት ንምስባር፣ ሃይማኖታዊ ፍልልይ ኣጕሃህሩ ኣብ ክልተ ተጻረርቲ ተማዕደውቲ ደምበታት ክስንጥቕዕምን፡ ህዝቢ ንህዝቢ ብቁልቁል ኣብ ሕድሕዱ ክተፋኒኖን ክይተሓለለ ክሳብ ህሞተ ውድቀቱ ከዓዪ’ዩ። እዋናዊ ዕላማኡ ብድሕሪኡ ሶማልያ፣ ወይ ሊብያ፣ ወይ የመን፣ ወይ ሶርያ፣ ወይ ዕራቕ፣ ወይ’ውን ሕንፍሽፍሽ ኢትዮጵያን ዝመስል ከውርሰንና ለይትን ቀትርን ይጽዕት’ዩ። ከም’ዚ ዓይነት ኤርትራ ኣብ ባይታ ክውን እንተኾይኑን፡ ብታሪኽ’ውን እንተወርሰናዮን፡ ስርዓት ኢሳያስ ጥራይ ንበይኑ ተሓታትቲ ኣይክኸውንን’ዩ።

ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ሃይማኖት ካብ ፖለቲካ ይሕይልን ስሩጽ ሰረት ኣሎዎን። ኣብ ህዝቢና ካብ መራሕቲ ፖለቲካ ውድባት ሃይማኖታዊ መራሕቲ ዝጸነዐ ተቐባልነትን ተሰማዕነትን ኣሎዎም። እዚ ጽኑዕን ስሩጽን ባይታ’ዚ፡ ንስሙር ህዝብን ስምርቲ ኤርትራ ኣገዳሲ ውሕስነት’ዩ። ንኩሉ ሃይማኖታትናን እምነታትናን ብሄራትናን ባህልታትናን እትሓቍፍን ንኩሉ ሓራ ፖለቲካዊ መርግጺታትና እትስተናግድን ንኩልህና እትሸከመና ስምርቲ ሓቛፊት ኤርትራ ንምህናጽ፡ ጸረ ስርዓት ኢሳያስ ዘቕናዕናዮ ቃልሲ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ከይበታተነን፡ ህዝቢና ቃልሱ ብጉጉይ ኣገባብ ኣብ ሕድሕዱ ከየቅንዖን፡ ነዚ ሓደጋ’ዚ እንከየነኣኣስናዮ ብኣጋኡ ኪንምክቶን ኣብ ብዕሽልነቱ ከነብርዕኖን፡ ብሓብር ንቃለስ። ስሙር ህዝቢ’ዩ ስሙር ቃልሲ ዘካይድ። ስሙር ህዝቢ’ዩ ስምርቲ ሃገር ዝሃንጽ። ስሙር ቃልሲ፡ ሃይማኖታዊ፣ ብሄራዊን ባህላውን ብዙሕነትን፡ ብዝሐ ፖለቲካ ሰልፍታትን ዝጸወርን ብሰላማዊ መንገዲ ዘመሓደርን’ዩ’ምበር ዝውግድ ኣይኮነን። ንኩለ መዳያዊ ሓቍፍ ሃገራዊ ሓድነት ንምርግጋጽን ምዕዛዝን ኣበርትዕና ኪንቃለስ ይግባኣና።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ (ግሃድኤ)

17 ጥቅምቲ 2019